# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 35 ዓመት ቁ.264 | ሰንበት 5 ሓምለ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3

ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኮለጅ ዋኒንን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን

ገጽ 4
ኣገዳስነት ምሕደራ ጸጋታት ማይ



ገጽ 5
ካብ ግፍዕታት ስርዓታት ...


ገጽ 7

ካብ ኣገረምቲ ልምድታት ህዝቢ ኣቦርጂንስ


## ኮለጅ ዋኒንን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን፡ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ተመሃሮ ብዲግሪን ዲፕሎማን ኣመረቐ


ስእሊ-ኣብርሃም በየነ



ስእሊ-ኣብርሃም በየነ

ኮለጅ ዋኒንን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ትማሊ 4 ሓምለ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘገበሮ መበል 19 ስነ-ስርዓት፡ 536 ብዲግሪ ዘርከብዎም 1,018 ተመሃሮ ብዲግሪን ዲፕሎማን ኣመረቐ።

ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ዶ/ር እስቲፋኖስ ሃይለማርያም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ተመረቕቲ ብኣተሓሕዛ ሕሳብ፡ ምሕደራ ዋኒንን ህዝባዊ ምሕደራን፡ ቁጠባን ፋይናንስን፡ ቋንቋ እንግሊዝ፡ ጂኦግራፊ፡ ታሪኽ፡ ሕጊ፡ ስነ-ፍልጠት ኣብያተ-ንባብን ሓበሬታን፡ ስነ-ሰብ፡ ስነ-ሕብረተሰብ፡ ከምኡ'ውን ቱሪዝምን ምሕደራ ሆቴላትን ትምህርቶም ዝዛዘሙ ምዃኖም ብምጥቃስ፡ 47 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ቁጽሪ ተመረቕቲ ደቂኣንስትዮ ምዃነን ሓቢሩ።

ናይ ክብሪ ዕዱም - ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀል ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ንተመረቕቲ፡ ወለድን መምህራንን "እንቋዕ ፍረ ጻዕርኹም ኣርኣየኩም" ድሕሪ ምባል፡ ኤርትራ ንዘመናዊ ልምዓት ዝድርኽ ባህርያዊ ሃብቲ ዝተዓደለት'ኳ እንተኾነት፡ እዚ ናይ ወለዶታት ርስቲ፡ ብኣድማዕን ውሕሉልን ኣገባብ ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ሃገርን ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝብናን ንኽውዕል፡ ልዑል ሞያዊ ፍልጠት ዝዓጠቐ ውፉይን ጻዕራምን ዜጋ ምፍራይ ቀንድን ወሳንን ረቛሒ ስለዝኾነ፡ ትግባሬ ዕቱብን ኣድማዕን ፕሮግራም ምምዕባል ጸጋ-ሰብ ካብ ቀንዲ ሕመረትን ቀዳምነትን ልምዓታዊ ፖሊስ መንግስቲ ኤርትራ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሚኒስተር የማነ ኣስዒቡ፡ ኣብ'ዚ ገስጋስ ስነ-ፍልጠትን ተክኖሎጂን፡ ብኣዝዩ ቅልጡፍ ናህሪ ናብ ዘመነ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ዝሰጋገረሉ ዘሎ እዋን፡ ምስ ዓለም ማዕረ ንምስጓምን ኣብ ሞያዊ ኣፍልጦ፡ ሳይንስን ተክኖሎጅን ዝህሉ ጋግ ንምጽባብን፡ ኣብ ምምዕባል ጸጋ-ሰብ እንገብሮ ወፍሪ ምስ ኩሉ ካልእ ብድሆታት፡ ካብ'ቲ ናይ ቀደሚ ሕጂ ክዓቢ ግድን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝሓለፈ 35 ናይ ናጽነት ዓመታት ኣብ ጽላት ትምህርቲ ንዝተመዝገበ ዝናፍ ገስጋስ ብኣሃዛት ኣሰንዩ ኣቕሪቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሚኒስተር የማነ፡ ብደረጃ ዓለም፡ ንመሰረታውያን እምነታት ህዝብታት ዝፈታተኑ ተርእዮታት ኣብ ዝቀላቐሉሉ ዘለዉ ህሞት፡ ናይ ሕብረተሰብና ስነ-ምግባር ከይብረዝን ዝያዳ ክኸውን ኣብ መንነ ባህርያዊ ፍልጠትን ንረቂቕ ሓይልና ዘንልብት ማሕበራዊ ፍልጠትን ዝህሉ ዝንቕ፡ ርትዓውን በብእዋኑ ክግምገምን ክኽለስን ከምዝድሊ ብምግንዛብ፡ ተመረቕቲ - ኣብ ሃገራዊ ልምዓትን ህንጸት ሃገርን ዘለዎም ግደ፡ ብንቕሓት፡ ተወፋይነት፡ ዕቱብነትን ትግሃትን ከዕዝዙ፣ ከምኡ'ውን ቀሲሞሞ ዝጸለዉ ሞያ ብቐጻሊ ጻዕርን ምርምርን ከዕብዩ ተላቢዩ።

ወኪል ተመረቕቲ ብወገኑ፡ ስለ'ቲ ኣብ'ዚ ደረጃ ንኽበጽሑ ብወለዶም፡ መምህራኖምን መንግስቶምን ዝተገብረሎም ናብዮትን ደገፍን ምስጋና ብምቕራብ፡ ኣብ ዝተመደብዎ ስራሕ፡ ኣብነት ስነ-ምግባርን ውፉይ ኣበርክቶን ከምዝኾኑ ቃል ኣትዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ልዑል ነጥቢ ዝዘምጽኡ ተመሃሮ ሜዳልያታት ተዓዲሎም።

ኮለጅ ዋኒንን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን፡ ኣብ ዝሓለፈ 19 ዓመታት ልዕሊ 14 ሽሕ ተመሃሮ ብማስተርስ፡ ቀዳማይ ዲግሪን ዲፕሎማን ከምዝመረቐ ሰነዳቱ የነጽር።

## ሰንዓፈ - ወፍሪ ምግራብ ንምዕዋት ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ፈልስታት ተዳልዮ

ኣብ ን/ዞባ ሰንዓፈ፡ ሎም-ዘበን ክራማት ዝካየድ ወፍሪ ምግራብ ንምዕዋት፡ ኣብ መደበራት ፈልሲ ጎሎን እምባላኻን ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ፈልስታት ኣግራብ ከምእተዳለወ ተገሊጹ።

ወኪል በዓል-ሰልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ'ቲ ን/ዞባ ኣቶ የውሃንስ ዘካርያስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ክልቲኡ መደበራት ፈልሲ - 30 ሚእታዊት መበቈላውያንን 70 ሚእታዊት ዘይመበቈላውያንን ኣግራብ ከምእተዳለዉ ብምጥቃስ፡ ኣብ መንበሪ ኣባይቲ፡ ናይ እምነት ቦታታት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት፡ ከምኡ'ውን ናብ ዝተጸንዐ ቀላጥ ቦታታትን ማይ-ኮዖታትን ክትከል ምዃኑ ኣረዲኡ።




ኣብ መደበር ፈልሲ እምባላኻ ክኢላ ምግራብ መንእሰይ ነስረዲን ዑመር ብወገኑ፡ ብደረጃ ን/ዞባ ዓመታዊ ዝትከል ፈልስታት፡ ኣካል ናይ`ቲ ሽፋን መሬት ናብ ንቡር ንምምላስ ዝግበር ሃገራዊ ጻዕሪ ምዃኑ ብምብራህ፡ እቲ ተዳልዩ ዘሎ ፈልስታት፡ ተተኺሉ ናብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ክሳብ ዝበጽሕ ግቡእ ክንክንን ሓለዋን ክግበረሉ ተማሕጺኑ።

ተኸታታሊ መደበር ፈልሲ እምባላኻ ኣቶ ታደሰ ተወልደብርሃን ብወገኑ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ናይ`ቲ ን/ዞባ ካብ ፈለማ ወርሒ ሓምለ ክሳብ መፋርቕ ወርሒ ነሓሰ ዓመታዊ ዓሰርተታት ኣሽሓት ፈልስታት ኣግራብ ብህዝቢ፡ ሰራዊትን ተመሃሮን ከምዝተተከል ብምሕባር፡ ግቡእ ሓለዋን ክንክን ስለዘይግበረሉ ግዳ ከም'ቲ ዝድለ ውጽኢት ክርከቦ ስለዘይጸንሐ፡ ኣግራብ ቅድሚ ምትካሉ ብዞዕባ ምክንኻኑን ሓለዋኡን ቅደመ-ምድላዋትን መጽናዕትን ክካየድ ጸዊዑ።

ሎሚ ዓመት ኣብ መደበራት ፈልሲ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ 13 ዓይነታት ፈልሲ ኣግራብ ማለት ካብ መበቈላውያን - ኣውሊዕ፡ ጽሕዲ፡ ኩመል፡ ሊሓም፡ ጎሞሮን ዓኖን፡ ካብ ዘይመበቈላውያን ድማ ግራዋ፡ በርበረ ጸሊም፡ ሚም፡ ግራቪልያ፡ ቅላሚጦስን መቑጸርያን ተዳልዩ'ሎ።

ዜና

# ማእከላይ ባይቶ ማሕበር መምህራን፡ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣቃኒዑ



ማእከላይ ባይቶ ማሕበር መምህራን ኤርትራ፡ ብ3ን 4ን ሓምለ ኣብ ኣስመራ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ፡ ሓለፍቲ ማሕበር ኣብ ዞባታት ከምኡ'ውን ሳዋን ማእከላይ ቤት-ጽሕፈትን፡ ናይ ዝዓመምዎ ንጥፈታት ጸብጻባት ድሕሪ ምቕራብ፡




ተመክሮ ዝለዋወጡሉ ሰፊሕ ሓባራዊ ዘተ ተኻዪዱ።

ኣቦ-መንበር ማሕበር መምህራን ኤርትራ መምህር ስምኦን መሓሪ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ኣኼባ - ባይቶ ንዝቐረበ ጸብጻባት ብደቂቕ ብምግምጋም፡ ንመጻኢ ብውህደት ክጸዩ ዝሕግዝ ኣማእዚ ሓሳባት ከቕርብ ዝዓለመ ምዃኑ ገሊጹ።

ተጋባእቲ ድሕሪ ዞተየድዎ ዘተ፡ ብመምህራን ዝቐርብ ጠለባትን ሕቶታትን ቅልጡፍ ምላሽ ክረኽብ፣ ዝተሓንጸጸ ውጥን ብኣድማዕነት ንኽትግበር ብውህደት ክስራሕ፣ ሞያዊ ዓቕሚ መምህራን ንምዕባይ ድማ ስሩዕ ናይ ስልጠና መደባት ክህሉ ኣዘኻኺሮም።

ማእከላይ ባይቶ ኣብ መወዳእታ፡ ራኢ ማሕበር ንምትግባር ኣብ ኮም ዘሎ ኣፍልጦ ንምብራኽ ክዕየ፣ ሞያዊ ብቕዓት መምህራን ብምሕያል ብቕዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ዕቱብ ጻዕሪ ክካየድ፣ ከምኡ'ውን ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ምቹእ ኩነታት ንምፍጣር ህንጻታት ኣብያተ-ትምህርቲ ክሰፍሕን ክጽገንን ዝብል ለበዋታት ኣሕሊፉ።

ማእከላይ ባይቶ ማሕበር መምህራን ኤርትራ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2025 ኣብ ዘቃነዮ ቀዳማይ ኣኼባ፡ ናይ 5 ዓመት ውጥን ስራሕ ምንዳፉ ኣይርሳዕን።

# ፎርቶሳዋ - ጎዳእቲ ልምዲታት ንምግታእ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ጎዳእቲ ልምድታት ንምግታእ ዝሕግዝ ኣስተምህሮ፡ ካብ 3 ክሳብ 25 ሰነ ኣብ 13 ምምሕዳራት ከባቢ ተዋሂቡ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣቶ እድሪስ መሓመድ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ክሳብ 2030 ካብ ክሸቦ ደቂኣንስትዮን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ነጻ ንምዃን ይስራሕ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ዕላማ'ቲ ቡብእዋኑ ዝውደብ ኣስተምህሮታትን ጎስጓሳትን ነዚ ንምስማር ከምዝኾነ ገሊጹ።

ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ኣቶ ኣረጋይ ሙብራህቱ ብወገኑ፡ ክሸቦ፡



መርዓ ትሕቲ ዕድመን ካልኦት ጎዳእቲ ልምድታትን ኣብ ጥዕና ደቂኣንስትዮ ዝውርድዎ ሳዕቤናት ብምግንዛብ፡ ንምቁጽጻሮም ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብውህደት ከምዝሰርሕ ኣረጋጊጹ።

# ገልዓሎ - ንሰድራ ሰዉኣት ገንዘባዊ ሓገዝ ተገይሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዘዋጽእዎ 48 ሽሕ ናቕፋ ንሰድራ ሰዉኣት ከምእተመቓርሐ፡ ኣኪያዲ ስራሕ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሓጎስ ጉብረማርያም ገሊጹ።

ምሕብሓብ ሰድራ ሰውኣት ከም ባህሊ እናሰረጸ ምምጽኡ ዝጠቐሰ ኣቶ ሓጎስ፡ እቲ ዝተዋጽአ ገንዘብ ካብ ምምሕዳራት ከባቢ ዳንደሮን ኢንገል-ዔላን ንዝተዋጽኣ 8 ሰድራቤታት ከምእተዓደለ ኣረዲኡ።

ኣብ ዝሓለፈ እዋን፡ ሰራሕተኛታት ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ብዘወሰድዎ ተበግሶ ዝተዋጽአ 42 ሽሕ ናቕፋ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ቡያ ንዝኾብራ ሸውዓተ ሰድራ ሰዉኣት ከምእተኸፋፈለ ዘዘከር'ዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ ኣባላት ህግደፍ ሲቪል ሰራሕተኛታት ዘዋጽእዎ 24 ሽሕ ናቕፋ፡ ን6 ሰድራ ሰማእታት ተመቓሪሖ።

ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ተስፉ ፍስሓጽዮን ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ነቲ መደብ ክውን ንዝገበሩ ኣካላት ኣመስጊኑ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ዝተወፈየ 48,000 ናቕፋ፡ ብተመሳሳሊ ን24 ሰድራ ሰዉኣት ተዓዲሉ።

ምእላይ ሰድራ ሰዉኣት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ሓላፍነት ምዃኑ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ኣቶ ክፍለማርያም ጉብረመስቀል፡ ካልኦት ኣካላት'ውን ክስዕብዎ ኣዘኻኺሩ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊስ 125013 - ቊሳጶ 1284


# ጸሮና- ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ንጥፈታቶም ከዕዝዙ ይሕተቱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጸሮና ዝነጥፉ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ዘካይድዎ ዘለዉ ንጥፈታት ውጽኢታዊ ስለዝኾኑ ብዝለዓለ ክቕጽልዎ፡ ብ24 ሰነ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ተሓቲቶም።

ሓላፊ ማእከል ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ ነርስ ኣኽሊሉ የውሃንስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ብቕዓት ሞያውያንን ትካላት ጥዕናን ኩብ ንምባል ጻዕሪታት ይካየድ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ - ህዝቢ ኣብ ከባቢያዊ ጽሬት ንኽነጥፍ ግቡእ ተርእዎ ክጻወቱ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ፡ ንጠንቅን ሳዕቤናትን ዓሶ ዝምልከት ሰፊሕ ሙብርሂ ዝሃቡ ሞያውያን፡ ምስ ዝሓለፈ ዓመታት ብምንጽጻር፡ መልከፍቲ ሕማም ዓሶ ሎሚ ዓመት ብ42 ሚእታዊት ከምዝነከየ ገሊጾም።

ሓላፊ ህዝባዊ ጥዕና ኣቶ ኣድሓኖም መዋእል፡ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣብ ሜላታት ምክልኻልን ምቁጽጻርን ኣድሂቦም ክነጥፉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ግዝያዊ ኣመሓደራ ንኡስ ዞባ ጸሮና ኣቶ ሃይለ መንገሻ፡ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ምስ ኣመሓደርቲ ከቡብን ኣካባበርቲ ዓድን ተወሃሂዶም ኣብ ክራማት ክኽሰት ዝኽእል መልከፍቲ ዓሶ ንምቁጽጻር፡ ስሩዕ ከቡቢያዊ ጽሬት ንምውዳብ ክሰርሑ ተላቢዩ።

## መደብ ቴለቪዥን

**ሰንበት 05/07/2026**

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ፊዮሪና |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ዶክመንት |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | መደብ ፈንቅል |
| 18:05 | መደብ ዋልታ |
| 18:35 | መደብ ሙዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

**(ሰኑይ) ዕለት06/07/2026**

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ጸብጻብ ጸወታት ኵዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄል ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሪፖርታዥ

# ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኮለጅ ዋኒንን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ
ስእሊ:- ኣብርሃም በየነ

ኮለጅ ዋኒንን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ትማሊ 4 ሓምለ ንመበል 19 ግዜኡ፡ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ዘምሃሮም 1,018 ተመሃሮ ብዲግሪን ዲፕሎማን ኣብ ኣስመራ ኣመረቐ።



ሚኒስተር የማነ ገብረመስቀል

ኣብቲ ስነስርዓት መመረቕታ፡ ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀል፡ ሚኒስተር ቱሪዝም



ዲን ኮለጅ ዋኒንን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዶ/ር እስቲፋኖስ ሃይለማርያም

ወይዘሮ ኣስካሉ መንቆርዮስ፡ ፈጻሚ ዳይረክተር ኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን ዶ/ር ሃጸለ ምሕጹን፡ ዲናት ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ሓለፍትን መምህራንን፡ ወለዲ ተመረቕትን ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ኮለጅን ኣብ ዝተረኽብሉ እዩ ብድሙቕ ኣገባብ ተኻዪዱ። እቲ ስነስርዓት፡ ሰዓት 9፡30 ቅ.ቀ ብዘንፈረ ሰሚኢታት ምስ ፈለሙ፡ ዝርዝር ትሕዝቶ ብኣዋሃዲ መደብ ምስ ተነበ፡ ፈጻሚ ዳይረክተር ሃገራዊ ላዕለዋይ ትካላትን ምርምርን ዶ/ር ሃጸለ ምሕጹን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩምን ኣሐጎሰኩምን ሓጺር መልእኽቲ ኣሰምዐ።



ኣርሴማ ኣብርሃለይ ምስ ውላዳን ወላዲታን

ዲን ኮለጅ ዋኒንን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዶክተር እስቲፋኖስ ሃይለማርያም ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ንተመረቕቲ፡ ወለድን ተሳተፍትን ናይቲ ጽንብል፡ እንቋዕ ኣሐጎሰኩም ድሕሪ ምባል፡ ሎሚ ዓመት ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ዝበዝሐ ቀጽሪ ምምራቆም ታሪኻዊ ዕለት ምዃና ሓቢሩ። ቀጽሪ ተመረቕቲ ብዲግሪ 536፡ ብዓውዲታት ኣተሓሕዛ ሕሳብ፡ ምሕደራ ዋኒንን ምሕደራ ህዝብን ስነ ቁጠባን ፋይናንስን፡ ቋንቋ እንግሊዝኛ፡ ጂኦግራፊ፡ ታሪኽ፡ ሕጊ፡ ቤተ መጻሕፍትን ስነ ሓበሬታን፡ ሕብረተሰብን ስነ ሰብን፤ ብዲፕሎማ ከኣ 482፡ ብዓውዲታት ኣተሓሕዛ ሕሳብ፡ ባንክን ፋይናንስን፡ ሕብረተሰብን ማሕበራዊ ዕዮን፡ ቱሪዝምን ምሕደራ ሆቴልን ተመሪቖም። ካብ 1018 ተመረቕቲ እተን 47 ሚኢታዊት ደቂ ኣንስትዮ እየን። ብድሕሪዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓውደ ትምህርቲ ዝለዓለ ነጥቢ ዘመዝገቡ ተመረቕቲ ስነ ስርዓት ሽልማት ተኻይዱ።

ወኪል ተመረቕቲ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ “ሎሚ መውዳእታ ናይ ሓደ ምዕራፍ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ጽንብል ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስግጋር ካብ ደረጃ ተመሃራይ ናብ ሞያን ፍልጠትን ዝዓጠቐና ሓላፍነታውያን ዜጋታት ኮይንና ኣብ ህንጻትን ምዕባለ ሃገርን ተራና ብዝተወፈይት ንምግልጋል ድልውነትና ንህዝብናን መንግስትናን እንገልጸላ ዕለት’ያ” ኢሉ። “ኪኖ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ሓሊፍና ንረቋቕትን ኣገደስትን ባህልታትን ክብርታትን ሕብረተሰብና ዓቂብና ብሓደ መንፈስን ህርመትን ተቓሊና ንምርቃ ምህላውና ሓጎስ ይስመዐና። ከም’ቲ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓደ ግዜ ኣብ መግለጺኦም “ህንጸት ሃገር መጀመርታን መወዳእታን የብሉን። ናይ ኩሉ ወለዶታት ሓላፍነት እዩ” ዝበልዎ እዚ ወኒንናዮ ዘለና ትምህርትን ክእለትን ብሰላዩም ዝይትትካእ ህይወቶም ከፊሎም ሃገር ዘምጽኡ ጀጋኑ ኣያታትና ስለዝኾኑ፡ ሕድሮም ከተግብር ከቢድ ሓላፍነት ኣለና” ኢሉ።

ብድሕሪዚ፡ ንክቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ቻንስለር ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ምርምርን ወኪሉ ቃል ዘስመዐ፡ ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀል እዩ።

ኣብቲ ስነስርዓት፡ ንገለ ተመረቕቲ ናብዚ ደረጃ’ዚ ንኽበጽሑ ብዙሕ ዝሓለፍዎን ኣብ መጻኢ ዝሰከምዎ ሓላፍነትን ኣመልኪትና ተወኪስናዮም ነይርና። ብዓውዲ ምሕደራ ዋኒንን ምሕደራ ህዝብን ብኣዝዩ ልዑል ነጥቢ (very great distinction) ዝተመረቐት በልሃ ኒኒ ተወልደ ምስጢር ዓወታ ጻዕርን ዘይምሕላልን ምዃኑ’ያ ትገልጽ። እናስርሐት እያ ትምህርታ ዛዚማ። ብድሆታት ኣብ ህይወት ዝያዳ ከም ዘበሉሑኻ ደማ ትገልጽ። ወላዳ ብህይወት ብዘይ ምህላዎም ዝያዳ ሓላፍነት’ዩ ኣሰኪምዋ። ዝሓለፈቶም ጸገማት ሎሚ ዝያዳ ጣዕሞም ክተስተማቕሮ ከም ዝኸኣለት ትገልጽ። ኣብ’ዚ ደረጃ ንኽትበጽሕ መሪሕ ግደ ዝበረ ወላዲታ ብህይወት ብዘይምህላዋ ሕማቕ’ኳ እንተተሰምዓ፡ ከምቲ ወላዲታ ትብህጎ ኣለኽእቲይቲ ክትከውን ምኽኣላ ዝሰምዓ ሓጎስ ልዑል ምዃኑ ትገልጽ።

ቀጺልና ብዓውዲ ቋንቋ እንግሊዝኛ፡ ብልዑል ነጥቢ ዝተመረቐ ሰነድ ሰመረ ኣብ ዘራረብናሉ፡ ንኹሎም ተመረቕቲ የሓና ድሕሪ ምባል፡ ኮለጅ ቦታ ህንጸት ምዃኑ’ዩ ዝገልጽ። “መመረቕታ መወዳእታ ስለ ዘይኮነ፡ ኑቲ ዝተጀመረ ምዕራፍ መዛዘሚ፡ ኑቲ ዝቕጽል መቕጸልታ’ዩ” ብምባል ይገልጽ። “ምስጢር ዓወተይ ምሕደራ ግዜ’ዩ” ንግዜኡ ብግቡእ ከም እተጠቐመሉ ይገልጽ። “ወለደይ ድማ ኣብ’ዚ ደረጃ ክበጽሕ ብኹሉ ስለዝሓገዙኒ ኣመስግኖም። ንዝምሃረና ህዝብን መንግስትን በዚ ሒዝዮ ዘለኹ ፍልጠት ኣቕመይ ከበርክት’የ” ብምባል ድማ ቃል ኣትዩ።

ኣብቲ ስነስርዓት፡ ክልተ መናቱ ኣላት ብሓደ ዓይነት ዓውዲ፡ ብልዑል ነጥቢ ዝተመረቓ ሚሪን ሚካልን ሃብተማርያም ኣቓልቦና ዝሰሓባ እየን። ሚራ፡ ምስጢር ዓወታ ልዑል ድሌትን ተገዳስነትን ተደሚሮ ጻዕሪ ምዃኑ እያ ትገልጽ። መናቱ ብምዃነን ኣብ ጉዕዞ ህይወተን ብዘለዓለ ከም ዝሓጋገዛ ተረዲኡ። ንዝምሃረን ህዝብን መንግስትን ድማ፡ ብዝተወፈይት ከም ዘገልግላ ጠቒሳ። ኑቲ ካብ ግዜ ንእሰነተን ትካላት ናይ ምምሕዳር ድሌተን ከም ዝሰመረለን ኣፍሊጣ። ሚካል ብወገና፡ ህይወት ኮለጅ ኪኖ’ቲ ኣካዳምያዊ ፍልጠት ኣብ ስነ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ህይወትን ዓቢ ለውጢ ከም ዘምጽኣለን እያ ኣብ’ቲ ናይ ሓጎስ ህሞት ገሊጻትልና። ኑቶም ካብ ግዜ ህጻንነታ ተኸናኺኖም ዘዕበይዋ ወለዳ ከም’ኡ’ውን ንመምህራና ብዓቢኡ ከኣ ኑቲ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ዘምሃራ መንግስቲ ኣመስጊና።

ድርብ ሓጎስ እናስተማቐረት ጓል ክልተ ወርሒ ውላዳ ሓቝፋ ዝረኸብናያ ኣርሴማ ኣብርሃለይ፡ ብዓውዲ ቤተ- መጻሕፍትን ስነ



መናቱ ሚሪን ሚካልን ምስ ወለደን

ሓብሬታን እያ ተመሪቓ፡ “ኣብዚ ክብርቲ ዕለት’ዚ’ኣ ንዘሰምዒ ዘሎ ሓጎስ ክገልጾ ቃላት ይሓጽረኒ” ድሕሪ ምባል፡ ክንዲ ኩሉ ኮይና ዘዕበየታ ወላዲታ ኑቢያት ኣማረ ከም’ኡ’ውን ሓትኖኣ ዶክተር ሳራ ኣድሓኖም፡ ብዓቢኡ ኑቲ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ዘምሃራ ህዝብን መንግስቲን ኤርትራ ኣመስጊና።



ሰነድ ሰመረ ምስ ስድራቤቱ

መንግስቲ ኤርትራ ዝርግሐ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ንምስፋሕን ናጻ ዕድላት ንምፍጣርን ኣብ 2004፡ ኣብ ስርዓት ላዕለዋይ ትምህርቲ ምትዕርራይ ምግባሩ ዝዝከር እዩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ሸዱሽተ ኮለጃት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኤርትራ ተደኲነን ይርከባ።



ቢልያ ኒኒ ምስ ሓዋ፡ ኣቦሓጎኣን ዓባያን

## ቃል ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀል

### ኣብ መበል 19 ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኮለጅ ዋኒንን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን

ዝኸበርካ ዶ/ር ሃይለ ምሕጹን - ፈጻሚ ዳይረክተር ኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን፥

ዝኸበርካ ዶ/ር እስቲፋኖስ ሃይለማርያም፡ ዲን ኮለጅ ዋኒንን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን፥

ዝኸበርኩም ሚኒስተራትን ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን፥

ዝኸበርኩም መምህራን፥

ዝኸበርኩም ወለድን ተመረቕትን፥

ፈለማ ናብ’ዛ ዕዝዝቲ ናይ ሓጎስን ፍስሃን ዕለት እንቋዕ ኣብጽሓና።

ንተመረቕቲ ብፍላይ፡ ትምህርትኹም ንምዛዛም ዝገበርኩሞ ዘይሕለል ጻዕሪ፡ ጻማ ረኺቡ፡ ኣብ’ዛ ኣብ ጉዕዞ ህይወትኩም ኣገዳሲት ናይ መቐይሮ ዕለት-መመረቕታ ምብጻሕኩም፥ የሓና! “እንቋዕ ደስ በለኩም!” እብል።

ክቡራት ወለዲ’ውን፥ ደቅኹም ኣብ ምዕባይን ምኹስኳስን ዝፈሰስኩሞ ጻዕሪ፥ ከም’ኡ’ውን ኣዚ ናይ ሎሚ መዓልቲ ክብርን ዓወትን ንኽንጸንጽፉ ዝገበርኩሞ ወፍሪ ኣብ ብሱል ፍረ በጺሑ ኣሎ’ሞ - የሓና!

ዝኸበርኩም መምህራን፡ ብደስፕሊን ዝተሃንጹ ብቑዓትን ተወዳደርትን ተመሃሮ ንምምራቕ ግዜኹምን ሞያዊ ፍልጠትኩምን ወፊኹም ዘርኣኹሞ ትግሃት፥ ኣካል ናይ’ቲ ብቑዕ ወለዶ ንምህናጽ ዝቐደድ ኩሉንትናዊ ሃገራዊ ወፍሪ እዩ’ሞ፥ “እንቋዕ ፍረ ጻዕርኹም” ኣርኣየኩም ክብል ክብሪ ይስመዓኒ።

**ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን**

ኩላትና ከም እንፈልጦ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝሓለፈ ጽንብል በዓል ናጽነት ዳግም ከምዝገለጽዎ፡ ትግባረ ዕቱብን ኣድማዕን ፕሮግራም ምምዕባል ጸጋ-ሰብ፡ ካብ ቀንዲ ሕመረትን ቀዳምነትን ልምዓታዊ ፖሊስ መንግስቲ ኤርትራ ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ንሃገራዊ ኩነታት ልምዓትና ኣራብሒ፣ ብዓለም ደረጃ ኣመዓራርዩ፣ ከም’ኡ’ውን ወሰንቲ ዘይብሉ ዘይነጽፍ ጎድንታቱን ባህርያቱን ርዱኣት ስለዝኾኑ።

ብርግጽ፡ ኤርትራ ንዘመናዊ ልምዓት ዝድርኽ ባህርያዊ ሃብቲ (ማዕድን፡ ሰማያዊ/ባሕራዊ ኢኮኖሚ፥ ስትራተጂያዊ ቦታ፥ ምቹእ ክሊማ. ወዘተ) ዝተዓደለት ሃገር እያ።

እዚ ሓቂ’ዚ ኣብ ቦታኡ እንከሎ፥ ዝ. ናይ ወለዶታት ርስቲ፡ ብኣድማዕን ውሕሉልን ኣገባብ፡ ኣብ ቁጠባዊ ዕበየት ሃገርን ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝብናን ንኸውዕል፡ ልዑል ሞያዊ ፍልጠት ዝዓጠቐ ውፉያን ጻዕራምን ዜጋ ምፍራይ፡ ቀንድን ወሳንን ረቛሒ ምዃኑ ኣየማትእን።

ብዘይካ’ዚ፡ ካብ ማእከላይ ዘመን ብኢንዱስትሪያዊ ሰውራ ዝጀመረ ኲነታስ ስነፍልጠትን ተክኖሎጂን፥ ብኣዝዩ ቅልጡፍ ናህሪ ናብ ዘመን ሰብ-ሰርሖ ብልሒ (Artificial Intelligence) ዘመን ኣብ ዝሰጋገረሉ ዘሎ እዋን፡ ምስ ዓለም ማዕረ ንምስጓምን ኣብ ሞያዊ ኣፍልጦ፡ ሳይንስን ተክኖሎጂን ዝህሉ ጋግ ንምጽባብን፡ ኣብ ምምዕባል ጸጋ-ሰብ እንገብሮ ወፍሪ ምስ ኩሉ ካልእ ብድሆታት፥ ካብ’ቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ክዓቢ ግድን እዩ።

ከም’ቲ ኣቐዲመ ዝተጠቕሰ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንትምህርቲ ከም መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልን መሰረት ሃገራዊ ህንጸትን ገይሩ ስለዝርእዮ፥ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት ኣብ’ዚ ጽላት’ዚ ዝፍ ወፍሪ’ዩ ገይሩ። እዚ ምስናይ’ቲ ንህላወና ከም ሃገርን ህዝብን ዝፈታትኑ ብብዙሓት ዝተኸስቱን ዝቐጸሉ ዘለዉን ግዳማዊ ተጻብኦታትን ሸርሕታትን ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ።

**ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን**

ኣብ ዝሓለፈ 35 ዓመታት ብዝተገብረ እኩብ ወፍሪ፡ ቀጽሪ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ብ544 ሚኢታዊ፣ ቀጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ መባእታ ብ288 ሚኢታዊ፣ ማእከላይ ደረጃ ብልዕሊ 720 ሚኢታዊ፣ ካልኣይ ደረጃ ድማ ብ528 ሚኢታዊ ዓብዩ ኣሎ። ቀጽሪ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ’ውን ካብ ሓንቲ ዩኒቨርሲቲ ናብ 6 ኣድማዕቲ ኮለጃት ክብ ክብል ከሎ፥ ቁጽሪ ተመረቕቲ ብኡ መንጽር ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብተዓጻጻፊ እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ። ናይ ሎሚ ዓመት ቁጽሪ ተመረቕቲ ኮለጅ ዋኒንን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ድማ ናይ’ዚ መርኣያ’ዩ።

ከም’ቲ’ ኣቐዲመ ዝተጠቕሰ፡ ምስናይ’ቲ ቀጻሊ ግዳማዊ ተጻብኦ፡ መንግስቲ ኤርትራ ብቐለልቲ ዘይግመት ክፋል ካብ ጠቕላላ ጃምላ ሃገራዊ እቶት (GDP) ነዚ ጽላት’ዚ ብምምዳብ፡ ፍትሓዊ ተበጻሕነት ትምህርቲ ንኹሎም ዜጋታት ብምርግጋጽ ወጽኢታውን ብቑዕን ሓይሊ ሰብ ንምፍጣር ዓቢ ድርኺት ከምዝፈጠረ፥ ማንም ዘይስሕቶ ሓቂ’ዩ።

**ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን**

እኩብ ሃገራዊ ፍልጠትን ሞያዊ ብቕዓትን ንምዕዛዝ ዝውጠኑ መደባት፡ ምስ ናይ ቀረባ፡ ማእከላይን ርሑቕን ስትራተጂያዊ መደባትና ተሳኒጾም ክኸዱ ኣገዳስነቱ ንጹር’ዩ።

ምስ’ዚ ዝተኣሳሰረ፡ ኣብ መንጎ ባህርያዊ ፍልጠትን ንረቂቕ ሓይልና ዘንጸባርቕ ማሕበራዊ ፍልጠትን ዝህሉ ዝንቕ፡ ርትዓውን፡ በብእዋኑ ክዋሃሃድ ክኽለሰን ከምዝድልን ብሩህ’ዩ። ብደረጃ ዓለም፥ ንመሰረታውያን እምነታት ህዝብታት ዝፈታተኑ ተርእዮታት ኣብ ዝቕላቐሉሉ ዘለዉ ህሞት፥ ናይ ሕብረተሰብና ስነ-ምግባር ከይብረዝን ዝያዳ ክኸላኸን፡ ኣብዚሖም ዓውደ ትምህርታትዚ’ኦም - ማለት፡ ሲቪክስ፥ ሕጋዊ፥ ባህላውን ታሪኻውን መጻኢት - ዝህልወና ኣካዳምያዊ ፍልጠትን ምርምርን ክዕብን ክዕምቑን ዘለናዮ ተሃዋሲ ዘመን ዝጠልቦ ጉዳይ ምዃኑ’ውን ብዙሕ መደረ ዘድልዮ ኣርእስቲ ኣይኮነን።


ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኣካዳሚያዊ ፍልጠትን ሞያን ካብ ክብርታት ሕብረተሰብና ዝተፈልዩ እንተኾይኖም፥ ወሸጣዊ ሰላምናን ርግኣትናን ክብርን ስለዝኸእሉ፥ ትካላት ላዕለዎት ትምህርቲን መምህራንን ማዕረ-ማዕረ ኣካዳሚያዊ ስራሖም፡ ንህንጸት ብቑዓት ዜጋታት እኹል ሚዛን ሂቦም ክሰርሑሉ የድሊ።

በዚ ኣጋጣሚ’ዚ፡ ነዚ ዕማም ንምፍጻም፥ ብኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን ከም’ኡ’ውን ኩለን ኮለጃት፥ ብዝተፈላለዩ ውዳበታትን መድረኻት ንዝተኻየዱ መደባትን ጻዕርታትን ኣመስግን።

ክቡራት ተመረቕቲ፡ ከም’ቲ ብዘይሕለል ጻዕሪ ትምህርትኹም ብዓወት ትዛዘሙ ዘለኹም፥ ንዕበየት ሃገርኩምን ህዝብኹምን ወፉይ ኣበርክቶ ከምእትገብሩ ጽኑዕ እምነተይ እዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ ሃገራዊ ልምዓትን ህንጸት ሃገርን ዘለኩም ግደ፡ ብንቕሓት፥ ተወፋይነት፥ ዕቱብነትን ትግሃትን ከተዕዝዙ፥ ቀሰምኩሞ ዝለኹም ሞያ ከኣ ብቐጻሊ ጻዕርን ምርምርን ከተዕብዩ እላቡ።

**ዓወት ንሓፋሽ!**



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ


## ካብ ግፍዕታት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ

3ይን መወዳእታን ክፋል

ከም'ቲ ኣብ ታሪኽና ተሰኒዱ ዘሎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብገዛእቲ ብሓፈሻ፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ ወይ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ማእለያ የብሉን። እዚ ድማ ታሪኽ ግፍዒታት መግዛእቲ ኢልና ክንዛረብን መግዛእቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ወይ ሰውራና ዝፈጸሞ ግፍዒታትን ሕማቕ ተግባራትን ክንዝክርን ከለና፡ ቅርሕንትን ጽልእን ንምስራጽ ዘይኮነ፡ ካብቲ ዝሓለፈ ታሪኽ ክንመሃርን ነቲ ታሪኽ ፈሊጥና እቲ ኣሉታዊ መዳዩ ምእንቲ ከይድገም፡ ፍልጠትን ንቕሓትን ምእንቲ ክህልወናን እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ካብ ታሪኽ ሰውራና፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና በበእዋኑን በበቦታኡን ዝወረደ ግፍዕታት ርኢና ኔርና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ድማ ካብኡ ፍልይ ብዝበለ፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ነቶም ምእንቲ ናጽነት ክቃለሱ ኣብ ዓውደ ውግእ ዝተሰውኡ ጀጋኑ ተጋደልቲ ካብ ኣዐየ ከብሉ ኣኪቡ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንምፍርራሕን ንምርዓድን ኣብ ልዕሊ'ቶም ስውኣት ዝፈጸሞ እከይ ተግባራት ንምርኣይ እዩ።

ብኣጋጣሚ 20 ሰነ 2026 መዓልቲ ሰማእታት፡ ፖሊስ ኤርትራ ካብ ዕለት 18-20 ሰነ 2026 ዝጸንሐ፡ ንግፍዕታት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝገልጽ ናይ ስእሊ ምርኢት ኣብ ከባቢ ምምሕዳር ዞባ ማእከል - ኣስመራ ኣዳልዩ ነይሩ። ግዱሳት ዜጋታት ናብቲ ቦታ ብምብጻሕ ነቲ ምርኢት ብዓይኖም ኣብ ዝዕዘቡሉ፡ ዝተሰምዖም ስሚዒት ኣብ ገጾም ይንጸባረቕ ነይሩ።



ኣቦ ቃልሲ ንናጽነት ሓርበኛ ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም

እቲ ምርኢት፡ ታሪኽ ናይቶም ኣብ ፈቐዶ ቦታታት ኤርትራ ምእንቲ ህዝበን ሃገርን ማለት ምእንቲ እዛ ሎሚ ነስተማቕራ ዘለና ናጽነት ዝወደቑ በቲ ሓደ በቲ ካልእ ከኣ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰማእታት ተጋደልቲ ዝተፈጸመ ዘወርቕ ተግባራት ናይቲ ገዛኢ ስርዓት ዘርኢ እዩ።

ፈለማ ኣብቲ ምርኢት ስእሊ ተዳልዩሉ ዝነበረ ዳስ ምስ ኣተኻ፡ ብየማናይ ወገን ምስ ጠመትካ፡ ኣብ ሰሌዳታት ዘቓቕሕ ወረቓቕቲ ዝልጥፉ ዝነበሩ ሓርበኛታትን ምእንቲ ናጽነት ክብሉ ዝተሰውኡ'ሞ ሬሳኦም ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዝተሰጥሐ ጀጋኑን ትርኢ። ከም ፈላሚ ናይቶም ዝወደቑ ሓርበኛታት፡ ኣብ 1963 ኣብ መንደፈራ ኣብ ዝነበረት ስርሒት ዝተሰውአ ጅግና ስውእ ኣሕመድ ወለዶ ዒሊ ትረኽብ።

ቀጺልካ እትዕዘቦ ሬሳ ናይቶም ኣብ 1964 ኣብ ተኾምብ ንፈለማ እዋን ምስ ጸላኢ ፊት ንፊት ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ዝተሰውኡ 17 ተጋደልቲ፡ ጸላኢ ሐዙ ወይ ካብ መቓብር ብምውጻእ፡ ናብ ሰለስተ ቦታታት ማለት ኣቑርደት፡ ተሰነይን ከረንን ብምውሳድ ህዝቢ ክዕዘቦምን ተዓዚቡ ድማ ርዒዱ ካብ ሰውራኡ ክፍለን ብምባል ኣብ ዕዳጋታት ዘንጠልጠሎም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብታ ዓመት ኣብ ማይ ወሰን ካልኦት ሰማእታት ተኸፊሎም እየም።

ኣብ መስከረም 1965 ኣብ ከባቢ ምሕላብ ን/ዞባ ገሉብ ኣብ መንጎ ተጋደልትን ሰራዊት መግዛእትን ዝተገብረ ውግእ'ውን ከቢድ ዋጋ ዝተኸፍሎ ነበረ። 21 ሰማእታት በጃ ሓሊፎም። ነቶም ሰማእታት፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ካብቲ ዝወደቑሉ ቦታ ኣኪቡ፡ ኣብ መኪይን ጽዒኑ ናብ ከረን ብምውሳድ፡ ኣብ ዕዳጋ ፈለማ ኣብ ልዕሊ ተንከቦት ሰጢሑ፡ ድሕሪኡ ድማ ኣብቲ ንመስቀሊ ዝተዳለወ ዓንድታት ኣንጠልጢሉ ንህዝቢ ኣኪቡ ዘርኣዮ እዩ።

ነቲ ኣዋሪ ተግባር ሰራዊት መግዛእቲ ዝረኣየ ህዝቢ ከረን ግን ርዒዱ ኢዱ ኣይሃበን። ሓራ ናብ ደቁ ናብ ደምበ ሰውራ ተጸንበረ። መንእሰያት ከረን፡ ብብዝሒ ናብ ሰውራ ውሒዞም። እቲ ጸላኢ ህዝቢ ክርዕዶ ዝገበሮ እከይ ተግባር፡ ምልክት ፍሽለቶምን ውርደቶምን ምኳኑ ተጋሂዱ።

ምኽንያቱ ነቲ ኣብ ዕፃሙ ዝተሰውአ ጅግና፡ ካብ መቓብሩ ወይ ካብቲ ዝወደቐሉ ኣምጺኦም ኣዋሪ ተግባር ምፍጻሞም፡ ንዝሓደሮም ሪዕድን ሽበራን ካብ ምቕላዕ ሓሊፉ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኸምኡ ከም ዘይርዕድ ዘመስከረ'ዩ። መርኣያ ናይዚ ኣዋሪ ተግባራት ገዛእቲ ድማ'ዩ ኤርትራዊ መንእሰይ




ኣብ ዕዳጋ ከረን ብገዛእቲ ዝተሰቕሉ ሰማእታት ተጋደልቲ 1965

ተጋደልቲ ቀረጹ፡ ተንከቦት ዘርጊሑ ከም ንመሸጣ ዝተዳለወ ኣቕሓ ኣብ ዕዳጋ ክሰጥሖ ከሎ፡ እዚ'ውን ሓደ ካብ ፍሽለቱ እዩ።

እቲ ኣብ ደርፎ ዘጋጠመ'ውን ካልእ ናቱ መርኣያ ነይሩ። ጸላኢ፡ ንፍርቂ ካብዞም ሰማእታት ፈለማ ብሶኽታት ኣዒንቶም ኣንቂሩ ድሕሪኡ ድማ ርእሶም ቀሪጹ ንህዝቢ ደርፎ ክርዕድ ዝፈተኖ፡ ብህዝቢ ተጸሊኡ እዩ። ህዝቢ ነቲ ሬሳታት ናይቶም ሰማእታት ዝበሮ ቦታ፡ ክሕልዎ ድሕሪ ምጽናሕ ድማ ድሕሪ ናጽነት ካብቲ መቓብርም ኣውጺኡ ኣብ ካልእ ቦታ ብኽብሪ ከም ዝቐበሩ ገበረ።

እቲ ዘገርም፡ እቶም ኣብ ምርኢት ዝቐረቡ ስእልታት ካብ መግዛእቲ ጸላኢ ዝተረኽቡ ምዃኖም'ዩ። ካብቶም ኣብ ከባቢ መንደፈራ ዝተሰውኡ ክልተ ተጋደልቲ ድማ ከም'ቲ ኣብ ካልእ ቦታታት ዝገበሮ ዝበረ ኣብ ዕዳጋ ተሰቒሎም ህዝቢ ክርእዮም'ሞ ክርዕድ ዝተሓሰበ ነበረ። ህዝቢ ግን መሊሱ ደኣ ነደረ - ካብቲ ዝቶደደ ዝበረ፡ ቃልሲ ንናጽነት ድሕሪ ኣይበለን።



ኣቦ ቃልሲ ንናጽነት ሼኽ ኢብራሂም ሱልጣን

እቶም ኣብ 1969 ኣብ ሓልሓል ኣብ ዝተገብረ ስርሒት ዝተሰውኡ ሓርበኛታት'ውን ኣብኡ ተዘርጊሖም ይረኣዩ። ነፍሲ ወከፍ ስእሊ ስውእ ተጋዳላይ ድማ ናብ ህዝቢ ዝፈጥሮ ዝበረ ናይ ቃልሲ መንፈስ ቀሊል ኣይነበረን። ጸላኢ፡ ዝሓሰቦ ህዝቢ ክርዕድ፡ ህዝቢ ዝሓሰቦ ድማ ሕነ ናይቶም ዝተሰውኡ ሰማእታት ደቁ ክፈድዩ። ጸላኢ፡ ርእሲ ናይቶም ስውኣት ካብ ዝዘለወ ይሓሉ ናብ ደምበ ሰውራ ዝጸንበር ዝበረ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ብፖሊስ ኤርትራ ዝቐረበ ምርኢት ሰማእታት ጀጋኑ፡ ስእሊ ናይቶም ካብ ንእሰ ዕድመኦም ፈለማ 'ኤርትራ ወይ ሞት!' ኢሎም ኣንጻር መግዛእቲ ዝተቓለሱ ሓርበኛታት ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያምን ሼኽ ኢብራሂም ሱልጣንን ይረአ።

ካልእ ኣብ ሰራየ ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ዝተረሸኑ ተጋደልቲ ኣብቲ ብፖሊስ ዝቐረበ ምርኢት ስእሊ ይረኣዩ። እቶም ተጋደልቲ እዚኦም ዝተረሸኑሉ ብዕለት 27 ሓምለ 1967 ኮይኑ፡ ኣብዛ ዓመት እዚኣ ኣብ ካልእ ጫፍ ኤርትራ ኣብ ሸማንጉስ መንደፈራን እናተዋግኡ ዝተሰውኡ ተጋደልቲ'ውን ኣብቲ ምርኢት ብስእሊ ቀሪቦም ኣለው።



ኣብ ከረን ዝተሰቕሉ ሰማእታት ተጋደልቲ 1965

ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ብሃይማኖት ይኹን ስነ ምግባር ቅቡል ዘይኮኑ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ግፍዒታት ፈጺሙ። ነቶም ምእንቲ ናጽነት ብጅግንነት እናተዋግኡ ኣብ ፈቐዶ ቦታታት ዝወደቑ ሬሳታቶም ኣኪቡ ህዝቢ ክርእዮ ኣገዲዱ።

ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወረደ እከይ ተግባራት፡ መወዳድርቲ ኣይነበሮን። ህዝቢ ኤርትራ ግን ነቲ ተግባራት ርእዩ ካብቲ ሐዚዎ ዝበረ ጉዕዞ ጽንዓት ንናጽነት ንድሕሪት ኣይተመልሰን። ቃልሱ ቀጺሉ! እነሆ ድማ ናጽነቱ ኣምጺኡ።

## ካብ ሰነዳት ስእልታትና

እዛ ንርእያ ዘለና ስእሊ ኣባላት ወተሃደራዊ ሃንደሳ ህዝባዊ ግንባር ኮይኖም፡ ጸረ-ሰብ ነተጕቲ ክጻውዱ ወይ ከውጽኡ ከለዉ እተርኢ'ያ። ከምዚ ዝኣመሰለ ንጥፈታት ድማ ኣብቲ ቀዋሚ ግንባራት ኣብ ቅድሚ ደፋዕ ሓሊፍካ ህይወትካ ኣብ ኢድካ ጨቢጥካ ዝግበር ዝበረ ተወፋይነት ዝሓትት ተኣፋፊ ስራሕ'ዩ።

እዚ ዝጻወድ ዘሎ ነታጒ፡ ሰራሓት ሶቭየት ሕብረት ኮይኑ፡ ፖምዝ 2 (ተሸካሊይ ራሻ) ይብሃል። እዚ ዓይነት ነታጒ'ዚ ካብ'ቲ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝቕበር ነተጕቲ ዝተፈልየ'ዩ።

እዚ ነታጒ ብከመይ ስለ ዝሰርሕ፡ እቲ ሰብ ዋላ እንተ ተጠንቀቐ ብኻልኦት ሰባት ምስ ዝሰሓብ ብቐሊሉ ማስዋእቲ ክጋጥም ስለ ዝኽእል፡ ኩሉ ግዜ ኣባል ሃንደሳ ህይወቱ ወፍዩ'ዩ ናብዚ ተኣፋፊ ስራሕ እዚ ዝኣቱ።

ምኽንያቱ ስራሕ ሃንደሳ ጌጋ ዘይጻወር፡ ሓንሳብ እንተ ተጋጊኻ ደሓር ይእረመላ ወይ ይንቀፈላ ዘይትብለሉ ዘዋሳቡ ስራሕ ስለ ዝኾኑ።

ኣብ እዋን ስርሒት ፈንቅል ሓደ ኣባል ሃንደሳ ዝሰሓቦ ስልኪ ፖምዝ 2፡ እቲ ዝሰሓቦ ኣባል ከውጋእ ከሎ፡ ካብኡ ብማዕዶ ዝበሩ ክልተ ኣባላት ሃንደሳ ግን ተሰዊኦም'ዮም።



## መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሕቶታት ታሪኽ

1. 20 ሰነ ዝጽንበሉ ሰማእታት ዝኸፈልናሉ ሻድሻይ ወራር ዝተዛዘመሉ ዕለት ስለ ዝኾነት። (ኣብ ሻድሻይ ወራር 2700 ሰማእታት ከፊልና)
2. ካብ 15 ለካቲት 1982 ክሳብ 20 ሰነ 1982 ተኻዪዱ።
3. መ/ ጎቦ ደምጦብዮት
4. ሙብረቕ፡ ውቃው፡ ናደው፡ መንጥር
5. ሌ/ ዛዛሚ ኩናት ግንቦት 1991

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## VACANCY ANNOUNCEMENT

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Auto Electrician** |
| **Number required** | **03** |
| **Location:** | **Site: Koka Gold Mine** |
| **Reporting to:** | **Mechanic Foreman** |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | To repair and overhaul electrical systems in automotive vehicles and machineries of ZMSC property at Workshop or at Koka Gold Mine site.<br>. |
| **Duties:** | • Service, identify and repair electrical faults on a wide variety of vehicles and machineries.<br>• Undertake electrical installation of accessories and ancillary equipment on a wide variety of vehicles and plant.<br>• Test and repair digital control systems.<br>• Service and repair ancillary parts and equipment as required.<br>• Inspect, maintain and repair all types of petrol and diesel engine motor vehicles and plant.<br>• Requisition parts and equipment as necessary.<br>• Liaise with manufacturers and/or agents on problems to achieve an efficient repair.<br>• By referring to circuit diagrams and using meters and test instruments to find electrical faults.<br>• Keep own vehicle clean and tidy any site or work area after use.<br>• Adjust engine control systems and timing to ensure vehicles are running at peak performance.<br>• Repair or replace faulty ignition, electrical wiring, fuses, lamps and switches.<br>• Complete all documentation including inspection sheets, certificates, receipts applying signatures as appropriate.<br>• Note the details of any accident incurred whilst driving any vehicle owned, operated by and submit them to the Foreman Mechanic or Maintenance Superintendent.<br>• Undertake training as may be required and product training by consultation.<br>• Record all times and attendance hours of service.<br>• Able in repairing & servicing of all air-conditioning on all mobile fleet (Excavators, loaders, dozers, trucks, busses ect)<br>• Any other work required by management |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | • Technical School Graduate in Auto Electric.<br>• Must have Eritrean Driving License. |
| **Working Experience – Nature & Length** | • Minimum of 5 years' work experience as Auto Electrician for all types of equipment and vehicle both in workshop and site. |
| **Other skill, abilities, and requirement** | • Driving Skill. willing to learn and take direction. Ability to communicate well with co-workers.<br>• Ability to work under pressure in some situations.<br>• Able to meet all satisfying requirements and applicable safety policies. Work overtime as required. Knowledge of truck and equipment safety.<br>• Knowledge of record keeping systems. Knowledge of equipment cleaning standards and procedures.<br>• Troubleshoot and inspect equipment to detect faults and malfunctions. Determine the extent of repair required. Adjust equipment and repair or replace defective parts.<br>• Test repaired equipment for proper performance. Clean and perform other maintenance work.<br>• Service attachments and working tools.<br>• Analytical and problem-solving skills.<br>• Good Computer skill Effective verbal and listening communications skills.<br>• Ability to read and write to keep daily records including maintenance reports and documentation. |
| **Salary** | As per the Company scale |
| **Additional Requirement for nationals:** - Having fulfilled his/her National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defense. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender. | |
| Please mail your application to the **ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara,** | |
| **Note to Eritrean applicants**: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272 | |
| Deadline for application: 10 days from the day of announcement. | |

# መዘናግዒ

ማርታ'ክብሮም

## ካብ ኣደነቕቲ ባህላውያን ጽንብላት መርዓ

1. **ምዝራፍ መርዓት ፦** ኣብ ሮማንያ ሓንቲ ዝተሓጸየት ጓለንስተይቲ ቅድሚ መርዓኣ ኣብ ዘሎ ቅንያት እንተ ተሰዊራ፡ ሃዲማ ወይ ጠፊኣ ማለት ኣይኮነን፣ እንታይ ደኣ ብስድራ ወይ ኣዕሩኽ መርዓዊ ተዘሪፉ ኣላ ማለት እዩ። እዚ ስርዓት ኣብታ ሃገር ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ባህሊ እዩ። ድሕሪ'ዚ መርዓዊ ነታ ብስድራ ቤቱ ወይ ኣዕሩኽቱ ተዘሪፉ ዘላ መርዓቱ ንምምላስ ክኸፍሎ ዝግደዶ ነገር ኣሎ። ኣገዳሲ መሳጢ ፍቕራዊ ምልክታት ወይ ድማ ብኬሪ ምልእቲ ሻምፓኝ ክኸፍል ይግደድ።



2. **ኣብ ክዳን መርዓት ጡፍ ምባል፦** ኣብ ኬንያ ኣብ መዓልቲ መርዓ ኣቦ እታ መርዓት ኣብ ክዳን መርዓት ጡፍ ይብል። ትርጉሙ ድማ 'ጽቡቕ ዕድል' ማለት እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ኬንያ ዝርከቡ ቀቢላ ማሳይ ንሱብ ዘለዎም ክብረት ንምግላጽ ጡፍ ይብሉ።

3. **ምብካይ መርዓት፦** ቻይናዊት ጓል ኣንስተይቲ ቅድሚ መርዓኣ ኣብ ዘሎ ግዜ ምብካይ እያ ክትላመድ ትቕጽል። ስለዚ ኣብ ግዜ መርዓ ገጻ ንብዓት ዝመልአ መርዓት ምርኣይ ልሙድ እዩ። መርዓት ካብ ቅድሚ ወርሒ ዕለተ መርዓኣ ጀሚራ ንመዓልቲ ሓንቲ ሰዓት ክትብኪ ትግደድ። ዓሰርተ መዓልታት በይና ምስ በኸየት ድማ ኣብቲ ናይ ምብካይ ስርዓት ኣደኣን ዓባያን ይጽንበራኣ።

4. **ምሕራም መርዓውቲ ካብ ሽቓቕ፦** ኣብ ማሌዥያን ኢንዶኔዥያን ዝነብሩ ቀቢላ ቦርንዮ፡ ድሕሪ ዕለተ መርዓኦም ዘሎ ሰለስተ መዓልቲ ንሽቓቕ ኢሎም ካብ ገዛ ክወጹ ኣይፍቀደን እዩ። ነዚ ከይገብሩ ድማ ሓለውቲ ይገብረሎም፡ ስለዚ ኣብዘን ሰለስተ መዓልታት ንእሽተይ መግቢን ውሑድ ዝስተን ጥራይ እዩ ዝቐረበሎም። እዚ ስርዓት፡ እዞም መርዓውቲ ከይፋትሑን ወይ ምስ ወለዱ ደቀም ብሕማም ከይሞትዎምን ከም ዝከላኸል እዮም ዝኣምኑ።

5. **ዕዱማት እምኒ ይሕዙ፦** ኣብ ኣውስትራልያ ኣብ ጽንብል መርዓ ዝሳተፉ ዕዱማት ፍልይ ዝበለ እምኒ ኣብ ኢዶም ክሕዙ ይግደዱ። እቲ ስርዓት መርዓ ምስ ተዛዘመ ድማ እቶም ዕዱማት ነቲ እምኒ ኣብ ሓደ ብፍሉይ ወቒቡ ዝተዳለወ ዓቢ ሽሓኒ የቐምጥዎ። ድሕሪኡ እዞም መርዓውቲ ሓዳር ምስ ገበሩ ነዚ ወቒቡት እምኒ ስድራ ቤቶምን መቕርቦምን ኣብ ዝመጽእዎም የርእይዎም።

6. **መርዓ ብዘይፍሽኽታ፦** ኩሉ ግዜ መርዓ ምስ ሓጎስ ኢና ነተኣሳስሮ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ ካብ መርዓውቲ ጀሚርካ ኩሉ ተሳታፊ ናይቲ መርዓ ፍሽኽ ክብል ንቡር ተርእዮ እዩ። ኣብ ኮንጎ ግና እዚ ተርእዮ ልሙድ ኣይኮነን። መርዓ ጀሚሩ ክሳብ ዝውዳእ መርዓትን መርዓውን ፍሽኽ ክብሉ ኣይፍቀዶምን እዩ። ስለዚ ብዘኾነ መዳይ ከናፍሮም ከፊቶም ኣስናኖም ክርኣ የብሉን። ምኽንያቱ ፍሽኽ እንተ ኢሎም ንመርዓኦም ብዕቱብ ከም ዘይሓዝዎ ዘመልክት እዩ።

## ካብ ህቡባት ፍልስፍናታት ሶቕራጠስ

• ኣነ ሓንቲ ነገር'የ ዝፈልጥ፡ ንሳ ከኣ ሓንቲ ከም ዘይፈልጥ።

• ብዙሓ ህይወት፡ ጉዳእ ርእስኻን ከባቢኻን ዘለካ ኣፍልጦ ክሳብ ክንደይ ውሑድ ምዃኑ ምስ ንርዳእ፡ እቲ ዝዓበየ ልቦና ኣብ ኑብስና ይዓስል።

• ንሓቂ ኣብ ኩሉ ድለዩዋ።

• ንደቂ ሰብ ዋላ ሓንቲ ክምህሮም ኣይክእልን'የ። ሓንቲ ክገብሮ ዝኽእል ከም ዝሓስቡ ጥራሕ'የ ዝገብሮም።



• ሓመይቲ ኣይንድኡንን እየም ምኽንያቱ ስለዘይዛርመላ።

• ኑብስኻ ንክትረኽብ ብዙሓኻ ሕሰብ።

• ሓደሓደ ግዜ እቶም ብዓይኒ ዝርእዮም ነገራት ምስ ካልኦት ስምዒት ህዋሳትይ ኣወሃሂደ ትርጉም ክረኽበሎም ክብል ኑየም ካልኦት ስምዒት ህዋሳትይ ከየዕወርም ኣዘዩ እየ ዝፈርሕ።

• ጸሎትና ኩሉ ግዜ ብዙሓ በረኸትና ክኸውን ኣለዎ። እቲ ካልእ ዘድልየና ፈጣሪ ባዕሉ ጸቡቕ ገይሩ ይፈልጦ'ዩ።

• ጥዕይቲ ሰበይቲ እንተ ተመርዲኻ ሕጉስ ክትከውን ኢኻ፣ ርግምቲ ሰበይቲ እንተ ተመርዲኻ ድማ ፈላስፋ ትኸውን።

• ተፈጥሮ ክልተ ዓይኒ፡ ክልተ እዝኒ፡ ሓንቲ መልሓስ ዝዓደለና ብዙሕ ንክሰምዕን ንክርእን ውሑድ ድማ ንክዛረብን'ዩ።

• ሞት ካብቲ ኩሉ ዝበለጸ ንወዲ ሰብ ዝተዓደሎ ጸጋ'ዩ። ንዓለም ከመሓድር ንዝደሊ ድማ ፈለማ ኑብስኻ ኣመሓድር በሎ።

• ኣነ ወዲ ኣቴንስ ኣይኮንኩን ወይ ግሪኻዊ ኣይኮንኩን ኣነ ዜጋ ናይ ዓለም'የ።

• እቲ ዝበለጸ ጽቡቕ ነገር ፍልጠት ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዝኸፍአ ሕማቕ ነገር ከኣ ድንቁርና'ዩ።

## ካብ ኣገረምቲ ልምድታት ህዝቢ ኣቦሪጂንስ

• ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ህዝቢ ኣቦሪጂንስ (ኣውስትራልያ)፡ ኣብ ሓንቲ መኣዲ ኣይቕረቡን እዮም።

• ኣብ ገለ ወቕትታት፡ መግቢ ኣብ ዝውሕደሉ ግዜ ከይተረፈ፡ ዓበይቲ ኣቦርጂንስ ብዙሕ መግቦታት ይቕረበሎምን ዓይነት ዝምግቦም መግቢ ይሕተቶን።

• ልቢ፡ ጸሎም ከብዲን ካልእ ዓበይቲ ክፋላትን ናይ ሓደ እንስሳ ኣብ ግዜ ምምጋብ ንዓበይትን መራሕትን ኣቦሪጂንስ ጥራይ እዩ ዝወሃብ።

• ገለ እንስሳታትን ኣታኽልትን መንፈሳዊ ኣገዳስነት ኣለዎም። እዞም እንስሳታትን ኣታኽልትን ፍሉይ ክንክን ይግበረሎምን ኣብ ዝኾነ ጽንብላትን በዓላትን ንመግቢ ዘይቕረቡን እዮም።

• ገለ መግቦታት ብደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ክስርሑ ክለው፡ ገሊኦም ድማ ብደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝስርሑ እዮም። ምቁር ድንሽ፡ ሰራ፡ ዓሳ፡ ካንሸን ፍሩታን ብደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝስርሑ ክኾኑ ከለው፡ ዝተረፉ ካልእ መግቦታት ድማ ብደቂ ተባዕትዮ እዮም ዝዳለዉ። ከምኡ'ውን ገለ ኣባላት ናይዚ ቀቢላ ብደቂ ተባዕትዮ ዝተዳለወ መግቢ ብደቂ ኣንስትዮ ኣይበልዕን እዩ፡ ብኣንጻሩ'ውን ከምኡ።

• ኣብ ግዜ ሓዘን ወይ ገለ ጽንብላት፡ እቲ መደብ ክሳብ ዝውዳእ እቲ ኣብ ጉዳዩ ሓዘን ኣጋጠምዎ ዘሎ ሰብ መግቢ ባዕሉ ክሕዝ ስለዘይፍቀዶ፡ ወሰናት ሰባት ጥራይ እዮም ነቲ መግቢ ሒዞም ንዕዱማት ዘልግሱ።



## ቀቢላ ካዋሂቫ

ቀቢላ ካዋሂቫ ሓደ ካብቶም ምስ ዝኾነ ክፋል ዓለም ርክብ ዘይብሎምን ምስ ከባቢኦም ከይተረፈ ሰላም ዘይብሎምን ንጹላት ኣህዛብ እዮም።

ካዋሂቫ ኣብ ጫካታት ብራዚል - ኣምባዞናካ ኣብ ዝበሃል ዞባ ዝነብሩ ኮይኖም፡ ብሀድንን ምምእራርን እዮም መነብሮኦም ዝመርሑ።

ሸማግለታት ናይቲ ሕብረተሰብ፡ ቀቢላኦም ካብ ቀደም ኣትሒዞ ካብ ደገ ብዝመጽኡ ካልኦት ሰባት ከም ዝተረብሸን ጫካኦም ከም ዝሻወን ብምግላጽ፡ ካብ ቅድሚ ነዊሕ ኣትሒዞም ንበይኖም ክነብሩ ከም ዝወሰኑ ይገልጹ።

ሎሚ፡ ቁጽሮም ካብ ሓደ ሽሕ ዝበዝሕ ኣይኮነን። ካዋሂቫ ዝዛረብዎ ቋንቋ ካሊናን ይበሃል።

ገለ ተመራመርቲ ሎሚ እቶም እንኮ ምስ ዓለም ሰላማዊ ርክብ ዘይብሎም ኣህዛብ ካዋሂቫ ምዃኖም እዮም ዝገልጹ።

ካዋሂቫ ምስ ካልእ ክፋል ዓለም ሕብረተሰብ ዝምድና እንተ መስሪቶም ናይ ሕማም ተጻዋርነት ከም ዘይብሎምን ብቐሊሉ ከም ዝሞቱን እዮም ዝገልጹ። ኣብ 2016 መንግስቲ ብራዚል፡ ንገለ ክፋል ጫካ ኣማዞን ዋንነቶም ምዃኑ ብምግላጽ፡ ዝኾነ ሰብ ናብኡ ከይቀርብ ዝኽልክል ሕጊ ኣውጺኡ እዩ።



## ንፍሽኽታ

ሓደ ሰብኣይ ናብ ብዓልቲ ቤቱ፡ "ደንገየ ስለ ዝመጻእኩ ኩሉ ዝረስሐ ክዳውንተይ ሓጺብኪ ኣስታሪርኪ ጽንሕኒ። እታ ዝፈተዋ መግቢ ድማ ከሸኽኪለይ ጽንሕኒ። ገዛ እውን ብዙዮቦእ ኣጻሪርደየ . . ." ብምባል ብቴሌፎን ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ሰደደላ። ካብ ብዓልቲ ቤቱ ግን መልሲ ኣይመጸኦን። ድሕሪ ነዊሕ ትጸበት ድማ፡ "እወ ይ! ረሲዐልኪ እንድየ፡ ናይ ደሞዝ ወሰኽ ተገይሩለይ። ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ሓዳስ መኪና ክገዝኣልኪ እየ" ክብል ደጊሙ ናይ ተሌፎን መልእኽቲ ሰደደ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እታ ብዓልቲ ቤቱ ብሓጎስ "ናይ ብሓቂ ዲኻ" ክትብል ሓተተቶ። ብዓልቤታ፡ "ሓሶየ እየ። እታ ቀዳመይቲ መልእኽቲ በጺሓትክን ኣይበጽሓትክን ንምፍላጥ እየ ከምኡ ገይረ" ቢላ ይበሃል።

## ከምዚ'ውን ኣሎ

ኣብ ኣመሪካ - ሚላዋኪ ኣብ ዝተባህለት ከተማ ኣሽታት 2,082 ወለንታውያን ኣብ ሓደ ናይ ጽሬት ወፍሪ ድሕሪ ምስታፎም፡ ኣብ መዝገብ ጊነስ ክሰፍሩ በቒዖም።

ነቲ መደብ ዝወደቡ 'ትሩ ኦርዝ' ዝተባህለ ዘይመንግስታዊ ትካል ኮይኑ፡ እቶም ተሳተፍቲ ኣብ ከባቢ ሩባ ሚላዋኪ ኣብ ዝርከብ ኣስታት 120 ቦታታት ተዘርጊሖም ብዙሕ ጎሓፍ ከጽርዩ ከም ዝኸኣሉ ሓቢሩ።



እቲ ፍጻመ፡ "ኣብ ሓደ እዋን ብዙሓት ሰባት ዝተሳተፍዎ ናይ ጽሬት መደብ" ብዝብል እዩ ኣብ ጊነስ ክሰፍር ክኢሉ።

ቅድሚ ሕጂ ተታሒዙ ዝበረ ክብረ ወሰን 1,795 ሰባት ዝተሳተፍዎ ናይ ጽሬት መደብ እዩ ነይሩ። ሓደ ካብ ተሳተፍቲ ናይቲ መደብ፡ "እዚ ክብረ ወሰን ክንሕዞ ዝበቓዕና፡ ነበርቲ ከተማና ብዙሓ ኣከባቢናን ሩባታትናን ክጸርዩ ስለ ዝጀመሩ እዩ። ትሩ ኦርዝ ድማ ነዚ መደብ ብምምዳቡ ክብረ ወሰን ክንሕዝ ስለ ዘበቕዐና ምስጋና ይግባኦም" ኢሉ።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ማእከል፡ ውድድር ማውንተይን ባይክ ተኻይዱ




ብፌደረሽን ብሽክለታ ዞባ ማእከል ተወዲቡ፡ ናይ ሓደ መደረኽ ውድድር 'ክራይተርዩም' ማውንቴን ባይክ ትማሊ ተኻይዱ።

25.2 ኪሎ ሜተር ኣብ ዝሸፈኑ ተቐዳደምቲ ምድብ ሰለስተ፡ መርሃዊ ዞሚካኤል ካብ ሳሊና፡ ፊደራ ስቲፋኖን የኣስ ኣቤልን ካብ ኣድማስ ቀዳሞት ሰለስተ ዕውታት ኮይኖም። 33 ኪሎ ሜተር ዝሸፈኑ 102 ተቐዳደምቲ ምድብ ክልተ ድማ፡ ኬብሮን ፍጹም ካብ ጽገዕት ቀዳማይ ኮይኑ ሕንጻጽ ክረግጽ እንከሎ፡ መብራህቱ ሰምረትን ናሆር ሚሮንን ክልተኦም ካብ ኣርባዕተ ኣስመራ ሰዒበሞ። 32.4 ኪሎ ሜተር ውድድር ዘዩዳ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብዮወት ጽገዕት መልኣኽ ካብ ሳሊና ተዛዚሙ። የርሳሌም ፋትኣል ካብ ኤሪስታርስ ጸዮን የማን ካብ ሳሊና ድማ ሰዓብንኣ።

ምድብ ሓደ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ ኣብ ዝተደዮ ውድድር ከኣ ኣዶናይ ተስፋኣለም ካብ ጎዳይፍ፡ ዳኒኤል ጺጋይ ካብ ቀይሕ ባሕሪ፡ የናታን የማን ካብ ትጽቢት ቀዳሞት ዕውታት ብምዃን ውድድርም ዛዚሞም።

## 3321.2 ኪሎ ሜተር ኣብ ውሽጢ 21 መድረኻት




ዙር ፈረንሳ 2026፡ ኣብ 23 ጋንታታት 184 ተቐዳደምቲ ኣሳቲፉ፡ ትማሊ 4 ሓምለ ኣብ ባርሰሎና ፈሊሙ ደርኩቡ። ኣብዚ ውድድር 18 ናይ 'ዎርልድ ቱር' ጋንታታን ሓሙሽተ ዕድመ ዝተገብረለን ናይ 'ፕሮሰኤይ ፕሮ ተምስ' ይሳተፋ ኣለዋ። ክልተ መዓልቲ ጥራሕ ብምዕራፍ ከኣ ኣብ 21 መድረኻት፡ 3321.2 ኪሎ ሜተር ክሽፍኑ'ዮም።

ታዴ ፖጋቻ፡ የናስ ቪንገጋርድ፡ ሬምኮ ኢቨንፖል፡ ፖል ሴክስ፡ ዩዋን ኣዩሶ፡ ቶማስ ፒደኮክን ካልኦትን ኣብ ብዓል ማልያ፡ ብንያም ግርማይ፡ ቲም መርለር፡ ያስፐር ፊሊፕሰን፡ ማድስ ፒደርሰን፡ ኣርናውድ ዴ ሊ፡ ማትዮ ቫንደርፖልን ካልኦትን ኣብ ቀጠልያ ማልያን ምዕዋት መድረኻን ሓሊኖም ኝ21 መዓልታት ክረባረቡ ክቐጽሉ እዮም።

ትማሊ ዝተኻየደት ቀዳመይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ፡ 19.6 ኪሎ ሜተር ዝሸፈነት ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር'ያ ነይራ።

ናይ ሎሚ ካልኣይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ፡ ንተቐዳደምቲ ሓዳስ ኣይኮነትን። ናይ ዙር ካታሎና መዛዘሚት መድረኽ'ያ። እዛ መድረኽ፡ 168.5 ኪሎ ሜተር ዝሓዘት ካብ ታራጎና ፈሊማ ኣብ ባርሰሎና እትዛዘም እያ። ተቐዳደምቲ 71 ኪሎ ሜተር ሰጣሕ ጉልጎል ምስ ወድኡ፡ ኣብ መንጎ ጸወታ እትሰላሰል 'ቦሎታ' ክከይዱ እዮም። ብድሕሪዚ ኣብ ኮተ ደ በካስ ቀዳመይቲ ፈተና ክረኽቡ'የም - 6.5 ሚእታዊት ምንቅዕራር ዘለዋ ዓቐብ ክሓኽሩ።

ነዛ ውድድር ኣብ 2023 ኢቨንፖል፡ ኣብ 2024 ፖጋቻ፡ ኣብ 2025 ድማ ሮግሊች ተዓዊቶማ ነይሮም። ሎሚ መዓልቲ ኸ፧

## "ሮናልዶ፡ ንፖርቱጋል ጅሆ ሒዝዋ'ሎ፡"

### ዝላታን ኢብራሂሞቪች

ክርስትያኖ ሮናልዶ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል "ዕዙዝ ተራ የብሉን" እናበለ ዝቐፍ ዘሎ ዝላታን ኢብራሂሞቪች፡ እቲ ተጻዋታይ ብኽእለቱ ዘይኮነ ብናፍቖት ከም ዝተመርጸ ይወቅስ ኣሎ።

ኣብ 'ፎክስ ስፖርት' ተንታኒ ዘሎ ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ሽወደናዊ ኢብራሂሞቪች፡ ድሕሪ እቲ ፖርቱጋል ኣብ ልዕሊ ክሮኤሽያ ናይ 2-ብ1 ዓወት ዘመዝገበትሉ ግጥም፡ ፖርቱጋል ብወዲ 41 ዓመት ኣጥቃዓይ እናተመርሐት ዓቢ ክብሪ ክትጓናጸፍ እንተ ዘይተጸበየት ከም ዝሓይሽ ገሊጹ። ኢብራሂሞቪች፡ ኣሰልጣኒ ፖርቱጋል ኣብ ልዕሊ ሮናልዶ ዘለዎ እምነት ከም ዘገረሞ ብምሕባር፡ "ማስመር ምጥቃዕ ወዲ 41 ዓመት ክርስትያኖ ሮናልዶ እናመርሐ፡ ኣብ 2026 ዝኾነ ዓወት ክተምጽእ ኣይትጽበን ኢኻ። እሞ ኸኣ ጎንዞሎ ራሞስ ካብ መንበር ተቐየርቲ ተሰኢ ሸቶ እናቖጸረ ኸሎ" ብምባል ሮናልዶ ብሕሉፍ ዝፍኦ እምነር ብህልው ብቕዓቱ ከም ዘይተመርጸ ሓቢሩ።

ሮናልዶ ንሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ጅሆ ሒዝዋ ከም ዘሎ ዝኣምን ኢብራሂሞቪች፡ ፖርቱጋላውያን ኣብ ሓሊፍ ጋንታኦም ምምርኳስ ኣቋሪጾም፡ ነቲ ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝሁብ ዘሎ ጎንዞሎ ራሞስ ዕድል ክሁብዎ ይጽውዕ።




ፖርቱጋልን ሮናልዶን ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ሓያል ነቐፌታ እናዘነበ፡ ኣብ ዙር 16 በጺሖም ደርኩቦ። ዙር 16 ከኣ ምስ ሰጳኛ ኣራኺብዎም ኣሎ። ኣሰልጣኒ ፖርቱጋል ሮበርቶ ማርቲነዝ ፈተነ ምምራጽ ተሰለፍቲ ኣጋጢምዎ'ሎ- ሓለፍት ማስመር ምጥቃዕ ንሓሊፍ ጋንታ ሮናልዶ ምሃብ ዶ ዋላ፡ ኣብ መንበር ተቐየርቲ ኮፍ ምባል፧ 6 ሓምለ መልሲ ክንረክብ ኢና።

## ካብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት

### ክስጉም ኣይክእልን'ዩ፡ ዝተባህለ ህጻን ኣብ ዋንጫ ዓለም ታሪኽ ይሰርሕ



ሞሮኮ ኣብ መድረኽ 32 ዋንጫ ዓለም 2026 ታሪኻዊ ዓወት ክትቅዳሰ ናይ መወዳእታ ሸቶ ብምምዝጋብ ዓወታ ዘበሰረ ኢስማዒል ሳይባሪ እዩ።

ሳይባሪ ህጻን እንከሎ ኣብ እግሩ ጸገም ኣጋጢምዎ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ ሓካይም ንስድራቤቱ "እዚ ህጻን ኑቡሱ ኽኢሉ ክኸዓዝ የጠራጥር'ዩ" ብምባል ኣሰንቢዲ ሓበሬታ ሂብዎም። ክስጉም ስለ ዘይክእል ከኣ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ፍሉይ መናርሒ ተኸጥሚሉ።

ሳይባሪ ንኸሉ ሕክምናዊ ግምታት ወዲቑ ብምግባር ኣብ ክልተ ዓመቱ ርእሱ ኽኢሉ ክኸዓዝ ጀመረ። ሓደ ናይ ህይወት ፈተነ ሰጊሩ ድማ ናብ ካልእ ጉዕዞ ከዕምት ጀመረ። ወዲ 14 ዓመት እንከሎ ኣብ ኤውሮጳ ፍሉጣት ካብ ዝበሃል መሰልጠኒ ማእከል ከነሶ እግሪ ኣንጻርለኹት ደሰልጥን ነበረ። የጉዳሱ ናይ ውድድር ዓመት ክጅመር ሓንቲ መዓልቲ ምስ ተረፎ "ምሕር ክበይት ወሲኽካ ስለ ዘለኻ ንዓና ኣይትበቕዕን ኢኻ" ተባሂሉ ተባረረ። ብዘወረዶም ነቐፌታ ብዙሓት ተሰፋ ኣብ ዝቖርጽሉ ዕድሜ፡ ሳይባሪ ኢዱ ክህብ ኣይመረጸን። ኣበርቲዑ ሰርሐ። ብቕዓቱ ኣዕቢዩ ብልዑል ክእለት ተመልሰ።

ሳይባሪ ካብ ሞሮካውያን ስድራቤት ኣብ ሰጳኛ'ዩ ተወሊዱ። ኣብ ሽዱሽተ ዓመቱ፡ ምስ ወለዱ ናብ ቤልጅዩም ተሰደዱ። ጸገም ቋንቋን ባህልን ዝ ቁልዓ ቀሊል ፈተና ኣይነበረን። ግን ንኹሉ ፈተና ናብ ረብሕኡ ቀየሮ።

ሳይባሪ ክእለቱ እናዓበየ ምስ መጽአ ምስ ኣየናይቲ ሃገር ክጻወት ብምባል ተቐርቀረ። ንሰጳኛ፡ ሞሮኮ፡ ቤልጅዩም ክወክል ይኽእል'ዩ። ንቤልጅዩም ወኪሉ'ውን ኣብ ናይ ትሕቲ 17ን 19ን ዓመት ተጻዊቱ'ዩ። ብቕዓት ብዘይብሉ ኤውሮጳውያን ሃገራት ምስኣን ክጻወት ጻውዒት ኣቕሪባሉ። ንሱ ግን "ምርጫይ ናይ ልበይ እምበር ናይ ጥቕሚ ኣይኮነን። ወትሩ ሕልመይ ንሞሮኮ ምጽዋት'ዩ ነይሩ" ብምባል ምስ ሞሮኮ ክጻወት ወሰነ።

ሳይባሪ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ኣብ ልዕሊ ብራዚል፡ ስኮትላንድ ሸቶ ብምምዝጋብ ወሳኒ ተጻዋታይ ሞሮኮ ምዃኑ ኣመስኪሩ ደርኩቡ። ሳይባሪ ድሕሪ ዓወቶም ምስ ኣደኡ ኾይኑ ዘርኣዮ ጽንበል፡ ንብርክት ዝበሉ ወሰናት ሰሚዒቶም ብምትንካፍ፡ ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት ይቕባበልዎ ኣለዉ። እዚ ምስ ሆላንዳዊት ክለብ ፒኤስቪ ኣይንድሆቨን ኣደናቒ እዋን ዘሕለፈ ወዲ 25 ዓመት ኢስማዒል ሳይባሪ፡ ክሳዕ 30 ሰነ 2031 ዘጸንሖ ውዕል ምስ ባየር ሙኒክ ከቲሙ ደርኩቡ።

## ነይማር፡ 90 ደቒቕ ንምጽዋት ኣብ ትጽቢት

"ሕጉስ ኣይኮነን ግን ጸቡቕ ጠባይ ኣብ ምንጽብራቕ'ዩ ዘርኩቡ" እዚ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ካርሎ ኣንቸሎቲ ብዛዕባ ነይማር ዝበሎ'ዩ።

ኣንቸሎቲ፡ ነይማር ድሕሪ ኣሸጋሪ ናይ መጉዳእቲ እዋን ምሕላፉ፡ ዝኾኑ ዕዙዝ ግደ ዘበርክተሉ ግዜ ከም ዝኣኸለ'ዩ ዝገልጽ። ወዲ 34 ዓመት ነይማር፡ ተሳትፎኡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ካብ ዘረጋገጸ፡ 14 ደቒቕ ጥራይ'ዩ ናይ ምጽዋት ዕድል ረኺቡ። ኣብ ምሉእ ኣካላዊ ቀመና ከም ዘርኩበ ዝገልጽ ኣሰልጣኒኡ ድማ፡ ኣብ ናይ ሎሚ ጸወታ ብምሉእነት ክሳተፍ ተኽእሎ ከም ዘለዎ ይሕብር።

ኣንቸሎቲ፡ "እቲ ኣገደሲ ነገር ንኽጻወት ድልው ምህላው'ዩ። ክንደይ ደቒቕ ክጻወት ይኽእል ዝፈልጥ የለን። ንሱ ንዝጻወቶ ደቒቕን ፍጥነትን ብኸመይ የመሓድሮ ተመኪሮ ኣለዎ። ንጋንታ የድሊ'ዩ ኢለ ኣብ ዝተሰምዓኒ ከኣ ናብ ሜዳ ከውርዶ'የ" ኢሉ። ነይማር፡ ንምሉእ ጸወታ ክጻወት ዓቕሚ እንተ ሃልዩዎ ዝተሓተተ ኣንቸሎቲ፡ "ብርግጽ 90 ደቒቕ ክጻወት ይኽእል'ዩ" ክብል መለሰ።

ኣብ መንበር ተቐየርቲ ኮፍ ምባል ኣጽሊእዎ ከም ዘሎ ዝንገረሉ ነይማር፡ ምስ ቀዳሞት ተሰለፍቲ ናብ ሜዳ ምውራድ ባህጊ ከም ዘለዎ ኣሰልጣኒኡ ይገልጽ። ብራዚል ኣብ ዙር 16 ምስታ ብሃላንድ እትቕለስ ኖርወይ ክትገጥም'ያ። ብራዚል ኣብ እንግደዳ ሽሕሽሽ ጁንጆር ተሞርኩሳ እያ ዛጊት ክትሳዕርት ትጓዓዝ ዘላ። ከም ኖርወይ ንዝኣመሰለት ጋንታ ክትገጥም ከላ ግን ጸር ዘፋኽስ ፈጠራዊ ተጻዋታይ የድልያ። ተመኪሮን ብቕዓትን ነይማር ዝድለየሉ ሰዓት ከኣ ዝኣኸለ ይመስል። ነይማር፡ 90 ደቒቕ ናይ ምጽዋት ዓቕሙ፡ ሎሚ 11:00 ድ.ቐ ክርኢ ትጽቢት ኣሎ።

## ኣለግሪ ናብ ናፖሊ

ናፖሊ፡ ንማሲሚላኖ ኣለግሪ ክሳዕ ሰነ 2029 ክዕልማ ቁጺራቶ።

ወዲ 58 ዓመት ኣለግሪ ነቲ ድሕሪ ክልተ ወቕቲ ስፖርት ኣብ ወርሒ ግንቦት ንናፖሊ ዝገደፉ ኣንቶንዮ ኮንተ ክትክእ'ዩ። ኣለግሪ ኣብ መወዳእታ ወቕቲ ስፖርት 2025-26 ካብ ኤሲ ሚላን ከም ዝተባረረ ይዝከር።

ኣለግሪ ኣብ ሰሪ ኣ ካብ ዝርከቡ ኣሰልጠንቲ ተጠቃሲ ኮይኑ፡ ኣብ 2011 ምስ ኤሲ ሚላን ብምዃን ጽዋእ ሰሪ ኣ ኣልዒሉ ነይሩ። ብዘይካዚ ካብ 2014 ክሳዕ 2019 ኣብ ዘሎ ግዜ ምስ ጁቨንቱስ ብምዃኑ ብተኸታታሊ ሓሙሽተ ዋንጫ ሰር ኣ፡ ኣርባዕተ ኮፓ ኢጣልያ፡ ክልተ ሱፐር ካፕ ኢጣልያ ከልዕል እንከሎ፡ ክልተ ግዜ ድማ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ቻምፕዮንስ ሊግ በጺሑ።

ኣለግሪ ኣብ ዓመተ ስፖርት 2025-26 ንኤሲ ሚላን ደጊሙ ክዕልም ተመሊሱ። ይኹን እምበር ካብ ሸሞንተ ዳሕረዎት ግጥማት ናይቲ ሊግ ኣብ ክልተ ጥራይ ተዓዊቱ። ሚላን ሓምሻይ ደረጃ ሒዛ ካብ ተሳትፎ ቻምፕዮንስ ሊግ ብምብኳራ ከኣ ተባሪሩ።

ክልተ ግዜ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ሰር ኣ ዝተረቖሐ ማሲሚላኖ ኣለግሪ ንሰለስተ ዓመት ኣሰልጣኒ ናፖሊ ክኸውን መዚዙት ተረኺቡ ኣሎ።



### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ብራዚል - ኖርወይ 11:00 ድ.ቐ
ሜክሲኮ - እንግሊዝ 3:00 ቅ.ቐ

**ሰኑይ**

ፖርቱጋል - ሰጳኛ 10:00 ድ.ቐ

**ሰሉስ**

ኣመሪካ - ቤልጅዩም 3:00 ቅ.ቐ


**ተረኛ ፋርማሲ**
ፋርማሲ ሰላማዊ
ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ
ፋርማሲ ሓሞሴን

**ዕለት**
05/07/2026

**ጎደና**
ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁጽሪ 19 ፊት ፋብሪካ ሚዛ ኣ.ያሱ
ጎደና ዓይገት ቁጽሪ 17፡ከባቢ ሲኒማ ሓሞሴን
ጎደና ሓሞሴን -176 ቁ.1፡ ከባቢ ሴዳው

**ቁ.ስልኪ**
07463110
123690
120205

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ
ቁ.ቴሌፎን 127565